***ኣብ ሳጹን ዘረባ፦***
ደቅኹም ኣብ ግዜ ዕረፍቶም፡ ምሳና ሓቢሮም ብፕሮግራሚን ጸወታ ኮምፕዩተር ኪሃንጹ ድላይ ኣሎዎም’ዶ፧

ብቴክኒስካ ሙዝየም ብናጻ ዚወሃብ ዕረፍታዊ ኮርስ ፕሮግራሚን

ሰላም ወለዲ ! እንሆ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዚወሃብ ናጻ ኮርስ ፕሮግራሚን ንደቅኹም ከተመዝግብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ካብን ናብን ሙዝየም ዚግበር ምምልላስ ናጻ መጓዓዝያ ከነዳሉ ኢና።

ውላድኩም ኣብ ፕሮግራሚን ተገዳስነት ኣሎዎ ድዩ፧ ግዱሳት ደቂ እንተሎዉኹም፡ ብቛንቋ ፕሮግራሚን ‘ስክራች’ (Scratch) ጸወታ ኮምፕዩተር ምህናጽ ኪመሃሩ ከተመዝግብዎም ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ኮርስ፡ ንቈልዑ ደቂ 10–12 ዓመት ዚሰማማዕ’ዩ። እቲ ኮርስ ኣብ ኵሉ ወቕቲ ዕረፍቲ ዚወሃብ’ዩ፤ ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ። ግዜ፦ ሰዓት 10.00–15.00 ኣብ ሙዝየም። ሓንቲ ኣውቶቡስ፡ ካብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ንደቅኹም ክትማልኦም’ያ።

ኣብ ዓመተ 2018 ኮርሳት ዚወሃበለን ዕለታት፦
መበል 14 ሰሙን፦ 3-6 ሚያዝያ
መበል 24 ሰሙን፦ 11-14 ሰነ
መበል 25 ሰሙን፦ 18-21 ሰነ
መበል 26 ሰሙን፦ 25-28 ሰነ
መበል 27 ሰሙን፦ 2-5 ሓምለ
መበል 32 ሰሙን፦ 6-9 ነሃሰ - ሰሙን ፕሮግራሚን ነዋልድ!
መበል 33 ሰሙን፦ 13-16 ነሃሰ

ናብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢመይል መልእኽቲ ብምስዳድ፡ ንዕረፍቲ ፋሲካ እንተ ደንጐኹም 16 መጋቢት፡ ንዕረፍቲ ሓጋይ ከኣ እንተ ደንጐኹም 25 ግንቦት ተገዳስነትኩም ሓብሩ፦
jeanette.sandberg@tekniskamuseet.se ወይከኣ ንናይ ክላስ መምህር (ሜንቶር) ሓብሩ። ስም፡ ዕድመን ቤት ትምህርትን ውላድኩም፡
ቍጽሪ ሞባይል ወለድን ውላድኩም ኣለርጂ እንተሎዎን ንገሩ። ኣብዚ ኪርሳዕ ዘይብሉ ነገር፦ ንኮርሳት ፕሮግራሚን
ተዳልዩ ዘሎ ቍጽሪ ቦታ ድሩት’ዩ። ቍጽሪ ግዱሳት ሓተትቲ ካብቲ ዘሎ ቦታ ዚዛይድ እንተ ኾይኑ ዕጫ ከነውድቕ ኢና።

ተገዲስኩም ክትምዝገቡ ተስፋ ንገብር።

/ምስ ምዉቕ ሰላምታ፡ ኣብ ቴክኒስካ ሙዝየም ዘለና መምህራን